Matching Fund * Historic Preservation

Neighborhoods

P-Patch * Neighborhood Service Centers

# ክፍሊ ከባቢታት ሲያትል

ክፍሊ ከባቢታት ሲያትል (DoN) ነበርቲ ሲያትል ጽኑዕ ማሕበረ-ሰባት ንኽምስርቱን ሂወት ማሕበረ-ሰብ ንኽማሕይሹን ምንጭታትን ዕድላትን የቕርብ። ምስ ህላወ ልዕሊ 180 ኣብቲ ከተማ ዘለዉ ከባቢታት፡ ጽኑዕ ናይ መንበሪ ቦታ ከማዕብሉን ምስቲ ማሕበረ-ሰብን ውሽጣዊ ምምሕዳርን ድልዱል ጥርናፈ ንኽምስርቱ ነቶም ጎረባብቲ ብምሕጋዝ፡ እዚ ኽፍሊ ዓቢ ተራ ይጻወት።

DoN ... *ህዝቢ፣ ማሕበረ-ሰብን፣ መንግስትን የራኽብ።*

## ህዝቢ ምርኻብ

ንከባቢ ዝሰማማዕ ምወላ ስፍሕ ዝበለ ብከባቢ-ዝተፈለመ ምምሕያሽ፣ ዘወሃሃዱ ወይ ፕሮጀክት ንዝወጠኑ፡ ውሽጣዊ ጉጅለታት ናይ ገንዘብ ህያብ ይህብ። እቶም ንከባቢ ዝሰማማዕ ምወላ ዝረኸቡ፡ ምስቲ ዘዋጽእዎ ጥረ-ገንዘብን፣ ብነጻ ዘገልገልዎን ከምኡ’ውን/ወይ ዘበርከትዎን ዘገልገልዎን ብማዕረ ይሰማማዕ።

ፕሮግራም ፒ-ፓች ማሕበረ-ሰብ ጃርዲናት ብማሕበረ-ሰብ ዝተመስረተ፡ ንባህላውን ከባቢያዊን ዝሰማማዕ ናይ ተፈጥሮ ልምዓት ከተማን ከምኡ ዝኣመሰሉ ናይ ሓምላዊ ዕድላትንት ክተኣታተው ይሕግዝን የተባብዕን። እዚ ብማዘጋጃ-ቤት ዝመሓደር ካብዚ ዓዲ ዘሎ ዝዓበየ ፕሮግራም ማሕበረ-ሰብ ጃርዲን፡ 2000 ስድራ-ቤት ዘገልግል ክሳብ 70 ዝበጽሑ ጃርዲናት የመሓድር። ምስ ማሕበረ-ሰብ ጃርዲን፡ ክፍሊ ጃርዲን መንእሰያት፣ ናይ ዕዳጋ ጃርዲናት፣ ከምኡ’ውን ናይ ምግቢ ሕግታት ፕሮግራሞ’ም ኣብቲ ናይ ትሑት-እትዋት ዘለዎምን፣ ናይ ሰደተኛታት ብዝሕን፣ መንእሰያትን፡ ብምትኳር፡ ንኹሎም ዜጋታት ሲያትል የገልግል።

## ማሕበረሰብ ምርኻብ

ናይ ከባቢ ዞና ኣቀናበርቲ ንኽባቢ ምስ መንግስቲ የወሃህድን የራኽብን። ኣብ ከባቢ ቤት-ጽሕፈት ኣገልግሎት ማእኸላት ዝ’መደበሩ፡ እቶም ኣቀናበርቲ፡ ብሰፊሕ ናይ ከባቢ ፕሮጀክትታትን ግዳያትን ምስ ደርዘናት ናይ ማሕበረ-ሰብ ትካላትን ይራኽብ ከምኡ’ውን ኩሎም ናይቲ ዞቦኦም ነበርቲ ንምስታፍ ይሰርሕ።

ከባቢ ምውጣን ዝሕግዝ ምስ ከባብን ምስቲ ናይ ከተማ መንግስትን ኮይኑ ኣብ መጀመርታ 1990ታት በቶም ነበርቲ ዝማዕበለ ናይቲ ከባቢ ምዕባለ ውጥናት ኣብ ልዕሊ 20-ዓመት ናይ ትግበራ ጊዜ ከመይ ከምዝማዕበለ ንምርግጋጽ ብቐረባ ይሰርሕ። ብተወሳኺ ብፍላይ ምስቶም ዝርኣይ ለውጢ ዝገብሩ ዘለዉ ከባቢታት ይሰርሕ፣ ብሜላ ዘለዎ ሓገዝ እናተጠቐመ ነቶም ዝተሓተ-ተጸዋዒነት ዘለዎም ማሕበረ-ሰባትን ስደተኛታትን ዑቕበኛ ህዝብታትን ውጥናቶም የሐድስ።

ተበግሶ ስደተኛታትን ዑቕበኛታትን ናይታ ከተማ ስደተኛታትን ዑቕበኛ ህዝብታትን ድምጾም ንኽስማዕን ምስታ ናይታ ከተማ መንግስቲ ንምርኻብን ይሕግዝን ንጡፍ ተኻፋልነትን የትባብዕን። እዚ ክፍሊ ኣብቲ ዝተመሓየሸ ኣገልግሎታት ምትርጓምን፣ ብስደተኛታት-ዝወነኑ ዋኒናት ናይ ነተክኒካዊ ሓገዛትን፣ ዝያዳ መሰል ካብቲ ናይታ ከተማ ሓገዛትን፣ ከምኡ’ውን ኣብ ናይ ስደተኛታትን ዑቕበኛታትን ጉዳያት ዘተኮሩ ሰራሕተኛታትን ኣማኸአርቲ ቦርድን ዝኣመሰሉ የተኩር።

**Seattle Department of Neighborhoods**
700 5th Avenue, Suite 1700 -- PO BOX 94649 –– Seattle, WA 98124-4649
(206)684-0464 –– TDD (206)733-9595 –– FAX (206)233-5142
www.seattle.gov/neighborhoods

## መንግስቲ ምርኻብ

**ኣገልግሎት ማእከላት ከባቢ** ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ናይታ ከተማ 13 ዞባ ኮይኑ ዋላ 'እታ ዝነኣሽት ናይ ከተማ መጋብእያ' የገልግል። ናይቲ ከተማ ኣገልግሎታትን ተወከልቲ ማሕበረሰብኣዊ ኣገልግሎትን፣ ፕሮግራማትን፣ ንጥፈታት ከባቢን፡ ዝኾነ ማእከል ሓበሬታ ኣለዎ።

> **መኽፈልን ሓበሬታ ኣገልግሎታትን ከባቢ** : ኣብ ሸውዓተ ካብቲ ናይቲ 13 ከባቢ ኣገልግሎት ማእከል፡ ተወከልቲ ዓማዊል፡ ንልዕሊ 225,000 ነበርቲ፡ ፓስፖርት ንሽመልክቱ፣ ኣብቲ ከተማ ዝተገልገልሉ ዕዳታት ንኽሽፍሉ፣ ናይ እንስሳታትን ናይ ኣውቶቡስ ፍቓድ ንሸውጽኡ፣ ከምኡ'ውን ዝድልይ ናይቲ ከተማ ፎርምታትን ሓጺር ናይ ጽሑፍ መግለጺታትን ንኽረኽቡ ይሕግዙ።

**ፕሮግራም ዕቃበ ታሪኻዊ ነገራት** ንኻብ ልዕሊ 400 ታሪኻዊ ቅርስታት፣ ቦታታት፣ ነገራትን መራክብን፣ ከምኡ'ውን ኣብ ስያትል ዘለዉ ሸውዓተ ታሪኻዊ ዞናታት የለልይን ይዕቅብን። እዚ ፕሮግራም ኣብ ስያትል ዘሎ መሰረታዊ ዝኾነ ታሪኻዊ ዕቃበ ሓበሬታ ይህብ፡ እዚ ኸእ ከም ምስርሕ ኣውዛዝዓ፣ ከምኡ'ውን ነቶም ወነንቲ ንብረት ምእንቲ ንብረቶም ክሐደሱን ክዕቅቡን ንምትብባዕ የጠቓልል። ከምኡ'ውን ኣብቲ ዕቃበ ታሪኻዊ ነገራት ዝሳተፉ ብዙሓት ናይ ዜጋት ቦርድ ስራሕ ይድግፍ።

**ፕሮግራም ቀንዲ ትካላትን ቤት-ትምህርትታትን** ናይ ስያትል ዓበርይቲ ጎሮባብቲ ትካላት (እዚ ኸኣ፡ ሆስፒታላት፣ ቤት-ትምህርትታት፣ ዩኒቨርሲቲታት፣ ኮለጃት) እዞም ትካላት ናይቶም ጎረባብቲ ስክፍታታት ኣብ ግምት ንኽኣቱ ብቐጥታ ኣብቲ ናይ ምምዕባል ፕላን ንኽሳተፉ መንገዲ ይህብ። እዚ ፕሮግራም፡ ንነፍሲ-ወከፍ ፕሮጀክት፡ በታ ኸተማ-ዝተመረጹ ናይ ዜጋታት ኣማኻሪቲ ኮሚቴ የቀናብርን የስርሕን።

**ናይ ምትርጓም ኣገልግሎት እንተደሊኹም ኣብ (206) 684-0464, ደዊልኩም ቋንቋኹም ምስ ነገርኩም ምስ ኣስተርጓሚ ከትራኸቡ ትኽእሉ።**

**Seattle Department of Neighborhoods**
700 5th Avenue, Suite 1700 -- PO BOX 94649 –– Seattle, WA 98124-4649
(206)684-0464 –– TDD (206)733-9595 –– FAX (206)233-5142
www.seattle.gov/neighborhoods